## ኣገናዕ ስምረት ምንቅስቓስ ኤርትራ ንለውጢ ሰሜን ኣሜርካ

**"ሰፊሕ ህዝባዊ ሰረት ዘለዎ ፖለቲካዊ ቃልሲ የድሊ ኣሎ"** ኣብ ትሕቲ ዝብል ኣርእስቲ ዘሕለፍኩሙዎ መልእኽቲ ሓደ ብሓደ ኣንቢበዮ፡፡ ክተባባዕ ዘለዎን ሓደ ስጉምቲ ንቅድሚት ምኻኑ ብምእማናይ ገለ ቅሩብ ሓሳባት ወስ ከብል እደሊ፡፡

ኣብዘን ዝሓለፋ ናይ ቃልሲ ዓመታት ደንበ ተቓውሞ ኣድማዒ ተራ ተጻዊቱ ክብል ኣይደፍርን፡፡ እቲ ቀንዲ ጸገም እንታይ እዩ ዝብል እውን ኣብዘን ክልተ ሰለስተ ዓመታት ብግልጺ ጋህዲ ኮይኑ እዩ፡፡ ነዚ ሓቂታት እዚ ብውሕሉል ኣገባብ ፊቲሕካ ሰፊሕ ህዝባዊ ሰረት ዘለዎ ፖለቲካዊ ቃልሲ ከም ዘድሊ እውን ማንም ዘይስሕቶ እዩ፡፡ ኤርትራውያን ዘለና ጸገማት ኣለሊና ብቅንዕናን ብዘላቂነት ፊቲሕና ነቶም ዝተጨፍለቁ መሰላት ክውን ንክንገብር ሕጂ እውን እቲ መፍትሕ ኣብ ኢድና እዩ፡፡

ኤርትራ ኣዴ ዝተፈላለዩ ብሄራት እያ፡፡ እዚ ኣብ ባይታ ዘሎ ሓቂ ማንም ኤርትራዊ ክክሕዶ ኣይክእልን፡፡ ነዚ ብዙሕነት እዚ ክንኣምን ይግባእ፡፡ እቲ ቀንዲ ጸገም ኢለ ዝርእዮ ነዚ ብዙሕነት እዚ ማእከሉ ገይሩ ተሳትፎ ህዝቢታትና ዘረጋግጽ መሪሕ ሓይሊ ዘይምህላው እዩ፡፡ ነዚ ሓቂ እዚ ክሒዱ ዝኸይድ ምንቅስቓስ ሕጂ እውን ሽፈጥን ተበላጽነት ጥራሕ እዩ ዘንጸባርቕ፡፡ ባዕዳውያን ገዛእቲ ህዝብና ንምክፍፋል ዘይፈሓሱዎ ውዲት የልቦን፡፡ ስርዓት ህግደፍ እውን ህዝቢታትናን ብሄራትና ንምብታትን ንምብራሶም መዓረ ክንደይ ኣረሜናውን ባርባራዊ ጭፍጨፋ ከም ዘካየደ እቲ መዓልታዊ ንከታተሎ ዘለና ብርሰት ህዝብና ህያው ምስክር እዩ፡፡ ስለዚ ኣብ ውሽጢ ህዝብና ተፈጢሮም ዘለው ስምዒታት ብቅንዕናን ዘላቂ ሰላም ከረጋግጽ ብዝኽእል መንገዲ እንተዘይፈቲሕናዮ፡ ሕጂ እውን ኣብ ኤርትራ ዘላቂ ሰላም ክህልው ኣይክእልን፡፡ ሕቶ ህዝቢ ከቢድ እዩ፡፡ ብውሕሉል መንገዲ እንተዘይፈቲሕካዮ፡ ውዒሉ ሓዲሩ ሓደ መዓልቲ ምንታጉ ኣይተርፎን እዩ፡፡ መሪሕ ውድብ ዲምሓኩኤ እውን ውልዶ ናይዚ ምረት እዚ እዩ፡፡

**"እዚ ንስለ ዘረባ ጥራይ፡ ማሕበርና ውድባና፣ ምንቅስቓስና ደሞክራሲያዊ እዩ፡ ንኣካውና ሕብረተሰብና ዝጠርነፈ እዩ ምባል ወይ ሓደ ክልተ ኣስማት ካብቲ ካብቲ ምርቛሕ ኣኻሊ ኣይኮነን፡፡ ካብ መሰረቱ ግልጹነት ሃልዩ፡ ካብ ተራ ኣባል ጀሚርካ ክሳብ ላዕላዋይ መሪሕነት ከይተረፈ፡ ኣብ ቅርጺ ጥርናፈ ተኣታቲዩ፡ ንህዝብታትና ዝውክሉ ብቑዓት ወከልቲን መራሕቲ ዝተሳተፉዎ ክኾውን ኣለዎ፡፡ እዚ ንብሄራትና ዝወክል ጥራይ ክኾውን የብሉን፡ ነቲ ኣብ ሕብረተሰብና ከም መንሽሮ ዝሰዕርር ዘሎ፡ ናይ ኣውራጃውነት ሃይማኖት ፍልልያት ከይተረፈ ኣኣብ ግምት ዘእተወ ክኾውን ይግባእ፡፡** ኣብ ባይታ ዘሎ ሓቂን መፍትሒ ዘድልዮ ነጥቢ እዩ፡፡

ንኩሉ ክፋል ብሄራትና ወይ ተዋጽኦ ዘለዎ ደሞክራሲያዊ ውድብ እየ ኢልካ ምጅሃር እቲ ውጽኢቱ እቲ ዝረኣናዮ እዩ፡፡ ኣብ ውሳኔን ሃገራዊ ጉዳያት ንገኒ ተገሲዮም ንሱማዊ ጥራሕ ከም ኣባል ዝተሓቁፉ ዘሕልፍዎ ዘለው ናይ ቃልሲ ህይወትን ሸውሃትን ብግልጺ ተራእዩ እዩ፡፡ ስለዚ እቲ ዘቀመጥኩሙዎ ዝድግፈን ክተባባዕ ዘለዎ ዕላማ እዩ፡፡ ከምኡ እውን ብሄረ ትግርኛ ንምድኻም ስርዓት ህግደፍ ኣውራጃውነት ከም ቀንዲ መሳርሒ እዩ ዝጥቀመላ፡፡ ስለዚ ነዛ ህግደፍ ዝጣላዓላ ዘሎ ካርዲ ናብ ጥቅምና ክነውዕሎ ዝድለ እንተድኣ ኮይኑ፡ ነዚ ሕቶ እዚ ብቅንዕና ክንምልሶ ይግባእ፡፡ ስለዚ በዚ መንገዲ እዚ ዝተወደበ ሓይሊ ሃሊዩ ኣብ ረብሓ ህዝቢ ኤርትራ ነውዕሎ ንብል እንተድኣ ሃሊና ከም

ቅቡል ገይረ ይወስዶ፡፡ ስለምንታይ ኣብ ባይታ ዘሎን ሓቂን ክሳብ ሕጂ ንብሄረ ትግርኛ መሪሕ ግደ ንከይጻወት ቀሊፉ ሒዙዎ ዘሎ ማሕንቖ ስለዝኾነ፡፡ ስለዚ ነዚ ሕቶ እዚ እውን ብውሕሉል ኣገባብ ፈቲሕና ከም ሓደ ሓቂፍናዮም ክንከይድ ይግባእ፡፡

ብጻጋም ይኹን የማን ተጻብኦታት ክለዓሉ ባህሪያዊ ኮይኑ፡ ክሳብ ዝተኣመነሉ ብትብዓት ክንቃለሰሉ ይግባእ፡፡ ስምረት ምንቅስቓስ ኤርትራ ንለውጢ ሰሜን ኣሜርካ ነዚ ተበጊስኩሙሉ ዘለኹም ዕላማ ኣብ ጫፉ ከም እተብጽሑዎ ዘለኒ እምነት ጽኑዕ እዩ፡፡ ስለዚ ከም ኣባል ዲምሓኩኤ ነዚ ሒዝኩሞ ዘለኹም ኣንፈትን ሓዲሽ ናይ ለውጢ መስርሕ ምስ ደሞክራሲያውን ውድባት ኮይንኩም ክትቃለሱሉ ይላቡ፡፡ ውድብ ዲምሓኩኤ ብዙሕነትና ተቐቢሉ ኣብ ባይታ ንምትግባርን ንምዕዋቱ ምስ ዝቃለስ ደሞክራሲያዊያን ሓይሊታት ኢድን ንኢድ ተታሓሒዙ ንክቃለስ ድልው እዩ፡፡ ኣብ ጎንኹም አሎና ኣጀኹም ክብለኩም ይደሊ፡፡

ኣባል ዲምሓኩኤ ኣኮላሊ

ካብ ኣመሪካ